# ሰንበት ዘኖላዊ

*መዝሙር፡* **ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም...** ቅድም እቲ ሙሴ ኣብ ኦሪት ዝተዛረቦ ነገሮም ዳዊት ድማ ኃይልኻ ኣርኢ ንዓ ኣድኅነኒ እቲ ጓሳና ካብ ሰማያት ወሪዱ እዩ እቲ ጓሳና ብጃ ኮይኑ ንዓለም ከድኅን እዩ ተኣዚዙ ንእስራኤል ጓስኦም ኮይኑ ከድኅን ወሪዱ መጸ፥ ንስኻ ብኣፍ ነብያት ዝመጸ ረዳኢ ኣምላኽ ኢኻ ናብ ሕዝብኻ ሰላም ስደድ ሕያዋይ ጓሳ ምስጉን ከማኻ ዝበለ መን ኣሎ ምእንቲ ህዝብኻ በጃ ክትከውን ብትእዛዝ ኣቦኻ ካብ ሰማይ ወሪድካ ንዕረፍቲ ሰንበት ሰራዕካ።

*ንባባት፡* ዕብ. 13:16-ፍ፥ 1ጴጥ 2፡2-ፍ፥ ግ.ሓ. 15፡23-21፥ ዮሓ 10:1-21።

*ምስባክ፡* ኖላዊሆም ለእስራኤል አጽምእ፥ ዘይሬእዮሙ ከመ አባግዐ ዮሴፍ፥ ዘይነብር ላዕለ ኪሩቤል አስተርእየ። ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና ኣታ ንህዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሓና፥ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ ተገለጽ።

ካብ ታሕሣሥ 1-26 ዘሎ ዘመነ ስብከት ይብሃል ምኽንያቱ ነብያት ናይ ጎይታ ብሥጋ ምምጻእ ኣግፊሖም ብትንቢት ብትምህርቲ ብምስትምሃሮም ምስባኾም፥ ቤተ ክርስትያን በዚ እዋን ንዝኽሪ ጥራሕ ዘይኮነ ነፍስወከፍ ንኣምላኽ ኣብ ልቡ ከሰናዱ ኢላ እትቀራርበሉ እዋን ስለ ዝኾነ። ናይ ሎሚ ሰንበት ብፍሉይ ዘኖላዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክርስቶስ እቲ እንኮ ጓሳና ምዃኑ ተረዲእና ኣብ መጓሰኡ ክንርከብ ክንሓስብ ሕይወትና መንፈስ ኣምላኽ ለቢሱ ደቂ ኣምላኽ መጓሰ ኣምላኽ ዘብል መገዲ ክንሕዝ እሞ ደቂ ገዛ ኮና ደምበና ክነለሊ። እዚ ጓሳ ዝብል ካብ ጥንቲ ብነብያት ዝተነገረ እዩ። ኩሎም ነብያት ክርስቶስ ጓሳና ከምዝኾነ ተነበዩ፥ ባዕሉ ኢየሱስ ከኣ "እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ" እናበለ ኣስተምሂሩና (ዮሓ 10፡14)። ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቊርባን ምስ ሓዋርያቱ እንከሎ ሓደ መጓሰ ክንከውን ጸልዩልና። ናይ ኣምላኽ መጓሰ ኮና ክነብር እዩ ተፈጥሮና ኣብ ካልእ መጓሰ ክንሕወስ ድላይ ኣምላኽ ኣይኮነን። ሎሚ መጓሰና ኣለሊና ደንበና ክንኣቱ ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ።

ሰንበት ዘኖላዊ ብዛዕባ ጉስነት ኣምላኽን መጓሰ ኣምላኽ ዝኾና ደቂ ኣዳምን ምዃና ዘኪርና ኣበይ ከም ዘሎና ክንሓስብ ይሕግዘና። ኣብ ዘመን ምጽኣት ተጓሲኻ ምኽኣል እቲ ዝበለጸን ዝዓበየን ጉዳይ እዩ። ኣብ ወንጌል ናይ ዮሓንስ ኣብ ዝተነበ ኢየሱስ ብዛዕባ ጓሳ፥ መጓሰ፥ ኣፍደገ፥ ሕያዋይ ጓሳ፥ ዕሱብ ጓሳ፥ ሰራቒ፥ ክብትን ዝመጽእ ከመይ ዝበለ ከም ዝኾነ ይዛረብ።

እዚ ወንጌል እዚ መሰረቱ ኣብቲ ሕዝቅኤል ነብይ ኣብ ምዕ 34 ብዛዕባ ጓሶት እስራኤል መሰረት ገሩ ይገልጸ፥ ካብኡ ዝፈልዮ ናይ ዮሓስን ጓሳ በጃ ኣባግዑ ከምዝሓልፍ ይዛረብ እዚ ኸኣ ነቲ ክርስቶስ ኣብ መስቀል መይቱ ዘርኣዮ ፍቕሪ የመልክት። ጉስነት ሓደ ካብቲ ጥቡቕ ርክብ ዝፈጥር ክፍሊ ሕይወት እዩ፥ ጓሳን መጓሰን ሓደ ኣካል እዮም ንሱ የፍቅረን ንሰን የፍቅርኦ ንሱ ጓስየን ንሰን ከኣ ይጓሰያ። እዚ ነቲ ክርስቶስ ምስ ኣመንቱ ዘለዎ ርክብ እዩ ዝገልጽ። ንሱ መራሒና ጎይታና ሕይወትና እዩ ኣብኡ ክንቀርብ ክንኣምን እንከሎና ኣባና ሕይወት ኣሎና።

ኣብ ሃገረ እስራኤል ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ጉስነት ኣባግዕ ዝውቱር እዩ ነሩ ብዙሓት መጓሰ ኣብ ሓደ ከባቢ ይርከባ ብሓንሳብ ይወፍራን ይኣትዋን ኣብ ሓደ ደምበ ኸኣ ይኣትዋ። እቲ ደንበ ሓንቲ መእተዊት ኣፍደገ ነራቶ እቲ ጓሳ ኣባግዕ ኣብ ኣፍደገ እዩ ዝኸውን ዝኾነ ጽቡቕ ይኹን ክፉእ መጀመርያ ንእኡ እዩ ዝረክብ። እቲ ጓሳ ኣብ ኣፍደገ ኮይኑ ካብ ኣራዊት ካብ ሰራቒ ይከላኸለለን፥ ከምኡ በቲ ኣፍደገ ክምገባ ክወፍራን ክኣትዋን የውፍረን፥ብርግጽ ኣፍደገን ጓሳን ዝብል ሓሳብ ብሓንሳብ ዝኸይድ ኣይኮነን እንተ ኾነ ኣብዚ ምዕራፍ እዩ ብሓንሳብ ተገሊጹ እንረኽቦ።

ኣብ መንነት ጓሳን ኣባግዕን ጽቡቕ ርክብ እዩ ዘለወን ኣብ ልሙዕ ቦታ ይወስደን ይከናኸነን ብደሃየን ይፈልጠን ንሰን እውን ይፈልጣእ። ኩሉ ጊዜ ምስአን ኣሎ ቀቅድምኤን እናኸደ ይመርሐን ዝኾነ ኣራዊት ወይ ሰራቒ ክትንክፈን ኣይክእልን እዩ።

እዚ ምሳሌ እዚ ኢየሱስ ባዕሉ ንሱ መን ምዃኑ ክገልጽ ኢሉ ዝበሎ እዩ። ኣብ መንነት ኣመንቱን ኣብ መንግኡ ዘሎ ርክብ ከምዚ ናይ ጓሳን መጓሰን ክኸውን ከምዘለዎ ይነግረና።

ጓሳና ኢየሱስ እዩ።

ኣብዚ ኣብ ልደት ክርስቶስ ኣብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ነገር ክንገብሮ ዝድለ ዘሎ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎና ርክብ ክንርኢ። ኣብ ሓደ ልብን መንፈስን ክንአቱ ኣሎና። ኣፍና ግብርና ሕብርና ንኢየሱስ እንተ ዘይመሰልና ምስኡ ሓደ ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ከምቲ ጓሳ ምስ መጓሰኡ ሓደ ዝኾነ ንኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ዝለዓለ ቦታ ክንህቦ ይግባእ።

ሰባት ብአርአያ ኣምላኽ ዝተፈጠርና ስለ ዝኾና ከም እንስሳ ዘይኮነ ርክብና ተረዲኡና ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ክንአቱ ይግብእና ስለዚ ንመገዲ ጎይታ ክንፈልጥ ፍቓደኛታት ክንከውን ኣሎና። ኣብ መጓሰ ክርስቶስ ክንአቱ ነዚ ዝስዕብ ክንገብር ኣሎና።

- ጓሳን ኣላሊና ክንክእል ኣሎና። ጓሶትና ዘይኮኑ ጓሶትና መሲሎምና ኣሰሮም ክእይንስዕብ ጓሳና ንዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ክነለሊ ኣሎና። ካልኦት ጓሶት ኣለዉ ንሶም ግን በቲ ኣፍደገ ዝአትዉ ኣይኮኑን ንጥፍኣት እዮም ዝወስዱ። ናይ ዘመና ጉሓሉ ወይ ናይ ሓሶት ጓሶት ክንብሎም እንኽእል ብዙሓት ኣለዉ። ጓሳኻ ኣለሊኻ ምኽኣል የድሊ።
- ድምጺ ጓሳና ክንሰምዕ የድልየና። ካልእ ድምጺ ከይንሰምዕ እሞ ኣብ ዘይናትና ከይንጽንበር ምስትውዓል ይሓተና። ጥዑም ድምጺ ዝመስል ግን ንልብና ሰሊቡ ኣብዘይ ደምበና ዝመርሕ ከይሰርጸና ንድምጺ ኢየሱስ ብኻልእ ከይንጋገዮ ምጥንቃቕ የድልየና።
- ኣብ ሓደ መጓሰ ምዃና ክንፈልጥ ኣሎና። ኢየሱስ ማእከልና ገርና ክንጉዓዝ እሞ ካልእ ዋና ከይንገብር ልዕሊ ኹሉ ኦነ ርእሰይ ዝኽእልኩ ባዕለይ ዝብል መንፈስ ከይነሕድር እሞ ንሓድነት ኣሕዋት ከይንቕይር ምስትውዓል ልቦና ይሓተና። ሰብ ንኣምላኽ ብርእሱ ወይ ብኻልእ ነገራት ምስ ተክአ ኣብ ዝኸፍአ ጸልማትን ጥፍኣትን እዩ ዝአቱ ስለዚ ንኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ክንሰርዕ ይግባእ ሽዑ ሓድነትና ክረግእ ይኽእል።
- ተኺሉ ኣለሊኻ ምኽኣል የድሊ። ጸጉሪ በግዕ ዝተኸድኑ ግን ተኺሉ ካብ ክርስቶስ ፈልዮም ክቐትሉና ዝደልዩ ብዙሓት ኣለዉ ስለዚ ምስትውዓል ልቦና የድሊ። ናይ ዘመና ተኳሉ ኣብ ወገን ዓለት ፍልልይ ጽልኢ ከም እንነብር ዝገብሩ እሞ ብነፍስና ምዉታት ዝገብሩና ካብ ክርስቶስን ካብ ማሕበር ክርስቶስ ዝፈልዩና ኣለዉ ክነለልዮም ይግባእ።
- ንጓሳና ኣሰሩ ክንስዕብ ኣሎና። ንሱ ቀቅድመና ይጉዓዝ ኣሎ ስዓቡኒ እውን ይብለና ኣሎ ኣሰሩ እናሰዓብና ጓል መገዲ ኣይንውሰድ ኦንፈትና ኣብኡ ገርና እስዕበካ ኣሎኹ ሓግዘኒ ንበሎ። ሽዑ ንሱ ኣጆኻ እናበለ ክመጽእና ከተንስኣና ክሕብረና እዩ።

ንሕያዋይ ጓሳና ክንሰምዕ እዋኑ እዩ።

ሓቂ ክፈልጥ ዝደሊ ፍቕሪ ክገብር ዝደሊ ኣብ ክርስቶስ ሓድነት ክህልዎ የድሊ። ምስ ክርስቶስ ርክብ ክንገብር እንተ ጸዓርና ሽዑ ኣብ ቤቱን ኣብ መጓሰኡን ክንጽንበር ኣይኸብደናን ስለዚ ኣብቲ ኣፍደግ ኩሉ ሕይወትናን ርክባትናን ዝኾነ ክርስቶስ ቀሪብና ኃጢአትና ተአሚና ኣብ መጓሰኻ ክጽንበር ኣእትወኒ ንበሎ። ዝኾነ ርክብና መምዘኒኡ ክርስቶስ ክንገብር እንክሎና ጥራሕ ኢና መጓሰ ክርስቶስ ክንብሃል እንኽእል። ናይ ክርስቶስ ዝኾና መጓሰ ሓደ ልቢ ሓደ መንፈስ እዩ መለልይና። መጓሰ ኣምላኽ ብሓደ መገዲ ይጉዓዛ ብሓደ ይምገባ፥ ኣብ ሓደ ቤት ይአትዋ ብሓንሳብ ከአ ይነብራ። መጓሰ ክርስቶስ ምፍልላይ ምቅይያም ምብራር ኣይናቶምን እዩ ምናልባት እዚ መንፈስ ኣብ መንግኦም እንተሎ ጌና ናይ መን ምዃኖም ኣይተሰቕሮምን ኣሎ ማለት እዩ።

ሓደ ካብቲ ርክብ ጓሳን መጓሰን ድምጺ ኣለሊኻ ምኽኣል እዩ። ድምጺ ዘለልየት እንስሳ ንጓስኣ ትስዕቦ እንተ ዘየለለየቶ ግን ካብኡ ትሃድም ወይ ኣይተድህበሉን። ድምጺ ጓስኣ ምስኣ ይወሃሃድ ፍሉይ ድምጺ እናሃበት ፍቕራ ትገልጸሉ። ናይ ኢየሱስን ናታትናን ርክብ ኣብዚ ከምዚ እዩ ክምስረት ዘልኦ ክንሰምዖ ክነፍቅሮ እሞ በቲ ንሱ ዝደልዮ ክንጉዓዝ። ሎሚ ዝዛረብ ኣፍ እምበር ዝሰምዕ እዝኒ ዳርጋ ተሳኢኑ እዩ ዘሎ። ኩሉ ዝዛረብ ዝሕብር ጥራሕ ኮይኑ፥ ኩሉ ድምጹ ከስምዕ ዝደሊ ኮይኑ ስምዑኒ ኣድህቡለይ ዝብል በዚሑ፥ ጸጊሙ ዘሎ ዝሰምዕ ተሳኢኑ። ኣብዚ ልደት ክንሰምዕ ክንእዘዝ ልብና ሕልናና ንኽፈት። ሰማዕትን ተግበርትን ክንከውን ፍቓደኛታት ንኹን።

## ሓደ መጓሰ ምኳን እዋኑ እዩ።

ልደት፥ ክርስቶስ ምእንቲ ድሕነት ኩልና ከም ዝመጽአ እዩ ዘዘኻኽረና። ሓደ ምኳን ሓደ ካብቲ መለልዪ መጓሰ ኣምላኽ እዩ። ሓድነትና ኽኣ ኣብቲ ምእንቲ ኩልና ኢሉ ዝተበጀዎ እሞ ደቂ ሰማይ ዝገብረና ፍጻሜ እዩ ዝምስረት። ሓደ ካብ ሓደ ዝበልጸሉ ዝኾነ ነገር የብልናን። መሰረትና ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ሓደ መንፈስ ሓደ ልቢ ክህልወና ድላይ መድኃኒና እዩ። ሓደ ልብን ሓደ መጓሰን ክንከውን ጸልዩ እዩ። ክንባረር ክንበታተን ድልዩ ኣይኮነን። ዝኾነ ተኸታል ክርስቶስ ንማሕበር ክርስቶስ ክሃንጽ እምበር ክብትን ከካፍእ ኣይናቱን እዩ። ቤት ኣምላኽ ማሕበር ኣምላኽ ዝብትን መውዳእትኡ ዝገደደ እዩ፥ ስለዚ ኩሉ ጊዜ ነቲ ሓደ ኣምላኽ ዘኪርና ሓደ ዝገብረና ሕይወት ክንፈጥር ናይ ነፍሲ ወከፍና ጻዕሪ ይሓትት።

ዓለምና ሎሚ ዝፈላሊ በዚሑ፥ ኣብ መንጎ ሰብ ኪዳን ከምኡ ኣብ መንጎ ስድራታት ኣብ መንጎ ደቂ ዓዲ ኣብ መንጎ ሃገራት እንርእዮ ምፍልላይ ምጽላእ ንሰብ ቅሳነት ከሊእዎ ኣደዳ ስደት ሞት ጥፍኣት ገርዎ ንርኢ ኣሎና። ዝብትን እምበር ዝእክብ የለን። ኣብዚ ብሩኽ ልደት ምእንቲ ድሕነት ነፍስወከፍና ዝመጸ ልብና ከፊትና ንኹሉ ክፍኣትና ተኣሚና ሓደ መንፈስ ልቢስና ንቀበሎ ሓደ መጓሰ ኮና ሓወይ ሓፍተይ ኢልና ተኻፊልቲ ጸጋ ክርስቶስ ክንገብር እንልኣኽ ንሕና ኢና። ሰባት ክሰምሩ ፍቕሪ ክዓቢ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንጹሕ ሕልናን ድለትን የድሊ፥ ሓደ ንበይኑ ክገብሮ ዝኽእል ነገር የለን ኩልና ሰሚርና ኣብ ሓደ መኣዲ ክንጽመድ ብሓደ መንፈስ ክንጉዓዝ ድላይ ክርስቶስ መምህርና እዩ።

ኣብ ሓደ መኣዲ ክንምገብ ኣብ ሓደ ቤተ ኣምላኽ ክንጓሰ እዩ ድላይ ኣምላኽ፥ ኣብ ስደት እንርከብ ካብ ክንሓብር ክንፈላለ ካብ ክንፋቐር ክንጻላእ ቀሊሉና ዘሎ ይመስል፥ ኣምላኽና ሓደ እዩ ጓሳና ሓደ እዩ፥ ደንበና ሓደ እዩ እንታይ ድኣ እዩ ነዚ ኹሉ ዘምጽእ ዘሎ፥ እንታይ እዩ ዝፈላልየና ዘሎ፥ ስለምንታይ እዩ ሰይጣን ተዓዊቱልና ዘሎ፥ ስለምንታይ እዩ ልኡኽ ሰይጣን ዝኾነ ሰብ ምፍልላይ ምጽላእ ክርኢ ዝደሊ ሰብ ዝያዳ ዝዕወት ዝስማዕ፥ እስከ ሕልናና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣንቢርና ነንብብ ንርአ ሽዑ ብርሃን መንፈስ ቅዱስ ለሚና ከብርሃልና ንለምኖ እምበር ሰብ ኣይጠዓሞን ዝዘርግ በዚሑ ንሓቂ ዝዛረብ ውሒዱ ኣብ ርእዩለይ ዝተመስረተ መንፈስ ነጊሱ ሰብ ይሕመስ ንርኢ ኣሎና ስለዚ ክንልወጥ እንተ ኾና ሎሚ እዋን እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ከማና ኮይኑ ካብ ድንግል ተወሊዱ ከድሕነና ይመጸና ኣሎ ኣፍደገ ገዛና ልብና ኣንጺሕና ንቀበሎ። ንእኡ ዝበቅዕ ልቢ ከየጥረና ዝገበርና እንተ ገበርና ተሳፍተቲ ብርሃን ልደቱ ኣይንኸውንን ኢና እሞ ምሉእ እምነት ገርና ነፍሲ ወከፍና ንነሳሕ ሕድገት ኃጢኣትና ለሚና ንብዓልና ንቀራረብ።

ብሩኽ ምቅርራብ ልደት ክርስቶስ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።